# ቃለ- መሕትት

## “ሰውራዊ ክብርታትና ዳግማይ ኣብ ሳዋ’ዩ ተደሪዑ” ሌ/ኮ ተመስገን ሳሚኤል



*ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)*

**- ሳዋ ምስቲ ትማሊ ዝነበረቶ ምስላን ስእላን ምስ’ዚ ሕጂ በጺሓቶ ዘላ ደረጃ ምዕባለ ብምንጽጻር ብሕጽር ዝበለ ብኸመይ ምገለጽካያ፧**

ሳዋ ከም ቦታ ኣብ’ቲ ፈለማ 1994 ንጥፈታት ክትጅምር እንከላ፡ ብዓጌፋ ቴንዳ ጀሚራ ኢልና ክንዛረብ ንኽእል ኢና። ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት እውን ተገሊጹ እዩ። ብሕጽር ዝበለ መግለጺ ግን፡ ሳዋ ካብ ሓደ ጭው ዝበለ በረኻ ናብ ሓደ ምዕቡል ከተማ ተለዊጣ ኣላ። እዚ ማለት ምዕቡል ኣባይቲ ዘለዎ፡ ብስርዓት ጐደናታቱ ዝሓዘ፡ ብማስተር ፕላን ዝተዳለወ ቅርጺ ዘለዋ ኩሉ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዘማልአት ናብ ምዕብልቲ ከተማ እያ ተሰግጊራ ዘላ። ብሕጂ’ውን ኣብቲ ራእይ ናይ መንግስቲ ናብ ዝዓበየ ከተማ ናይ’ዚ ሃገር ንምግባራ እዩ ዝጸዓረሉ ዘሎ። ኣብ ኤርትራ ካብተን ዝጥመታ ከተማታት ክትከውን ጠመተ ናይ መንግስትና እዩ። ብእኡ ደረጃ’ውን ይጸዓረሉ ኣሎ።

**እስከ ብዛዕባ እቲ ናብ ሳዋ ዝመጽእ መንእሰይ ኣዕልለና፧**

ብዛዕባ እቲ ናብ’ዚ ቦታ ዝመጽእ መንእሰይ ከነዕልል እንተደኣ ኾንና፡ ከምቲ ኩሉ ግዜ እንብሎ እዩ። ሳዋ ማለት ኤርትራ ማለት እዩ። ብዘይ ኣፈላላይ ካብ ኩሉ ብሄራትና ዝመጽኡላ ቦታ እያ። እቲ ጽቡቕ ነገር ናይ ሳዋ፡ “እዚ ከም’ዚ እዩ፡ እቲኣ ከኣ ከምቲ እያ” ዝበሃል የለን። ንኹሉ ሰብ ብማዕረ እትሕብሕብ ደንበ መንእሰያት እያ። ኣብዚኣ ወተሃደራውን ናይ 12 ክፍሊ ኣካዳምያዊ ትምህርትን ብምዝዛም ድማ፡ እዞም ኣብ ቅርዓታ ብሓጐስን ፍቕርን ‘ሆ’ ክብሉ ዝሓገዩን ዝኸረሙን መንእሰያት፡ እቶም ናብ ኮለጅ መእተዊ ነጥቢ ዝረኸቡ ትምህርቶም ንምቕጻል ናብ ኮለጃት ይኸዱ። እቶም ዝተረፉ መንእሰያት ድማ፡ ናብ ዝተፈላለየ ሞያውን ልምዓታውን መደባት ናይዚ ሃገር ተዋፊሮም ሞያዊ

ኣበርክቶኦም ይገብሩን ኣብ ንጡፍ ዕማማ ይዋስኡን። ኩሉ ሰብ ብማዕረ ኣብ'ቲ ዝተመደበሉ ትምህርታዊ፡ ሞያዊ፡ ልምዓታዊ ስራሕ ብንጥፈት'ዩ ዝዋሳእ። እዚ ከኣ፡ ልዕሊ ማንም ኣብ ካልእ ዘይርከብ ጸጋ ናይ'ዚ ሃገር እዩ። ነቲ ኣብ ዕለተ መመረቕታኦም "ንሃገርም ብምሉእ ዓቕሞም ከገልግሉዋ፡ ብልዑል ተወፋይነት ንኽሰርሑን ዝፈጸምዎ ቃል-ማሕላ ኣብ ግብሪ ዘውዕል ንቑሕ መንእሰይ ምውናና ከኣ ሓበን ይስመዓና። ሃገሩ ኣብ ትጠልቦ ነገራት ኣብ ዳግመ ህንጻን ልምዓትን በሎ ምክልኻል ሃገር በሎ ኩሉ ነገራት እናማልአ ይኸይድ ኣሎ። ናይ ብሓቂ ኣብ'ዚ መዓስከር ዝጥረ ሓድነትን ፍቕርን፡ ጥምረትን ስኒትን ኣዝዩ ዓቢ እዩ።

- ***ፈለማ ተመሃሮ ካብ ዝተፈላለያ ኣብያተ ትምህርቲ ሃገርና ናብ ሳዋ ምስ ወረዱ ብኸመይ ኢኹም ትሕዝዎምን ተመሓድርዎን፧***

ኣብዚኣ እትው ምስ በሉ ክትውዘዮም እንከለኻ፡ ብዘይካ እቶም ደቂ-ትምህርቶም ንሓድሕዶም ስለ ዘይፋለጡ፡ "ሓብተይ ኣብ'ቲ ከይዳ፡ ሓወይ ኣብቲ ኣሎ፡ ጓል ትምህርተይ ኣብቲ ከይዳ፡ መተዓብይተይ ኣብቲ ካልእ ከይዱ" ኢሎም ብሓንሳብ ክኾኑ ስለ ዝደልዩ ከምኡ ይብሉኻ እዮም። ሕጂ ንሕና ምናልባት ኣብቶም ብድርብ ዝወርዱ ኣሕዋት መታን ነቲ ስድራ ምክትታል ክጥዕም ብምባል፡ ብሓደ ንገብሮም ኢና። ክሳብ እቶም ዝተረፉ ዞባታት መጺኦም ንውዘዮም ባዕሎም እቶም ኣሕዋት ኣብዘን ሰለስተ መዓልቲ፡ " በቃ ሓወይ ኣብ ቦታኡ ይኹን ኣነ ከኣ፡ ኣብታ ዝበጸሓትኒ ቦታይ እየ ዝኸይድን ዝደልን፡ እንተ ደልዩ ንሱ ይምጻኣኒ" ይብሉኻ። ዘገርም ነገር እዩ። ኣብ ውሽጢ ሰሙን ዘይመልእስ ኣሕዋት ኣጥርዮም ናብ ከምዚ ደረጃ በጺሖም ማለት እዩ። ሕጂ እቲ ናይ ሳዋ ህይወት ከምዚ እዩ። ከምዚ ናይ ሓንቲ ስድራ - በቃ ከምኡ እዩ። ልዕሊ እቶም ምስኦም ዝመጽኡ መማህርቶም፡ ምስቶም ኣብኡ ዝላለይዎም ሓደስቲ እዮም ዝፋቐሩ። ናይዚ ውጽኢት ኣበይ ኢኻ ትርእዮ ይመስለካ፡ ናይ ሳዋ ግዜኦም ወዲኦም ካብዚ መዓስከር ክወጽኡን ክፈላለዩን እንከለዉ ዘሎ ብኽያት፡ ዘሎ ጓይላን ሰሓቕን ካልእ ነገር እዩ። በዚ ተጠርዩ ዝኸይድ ፍቕርን ሓድነትን ካብዚ ምስ ወጽኡ ናብተን ስድራቤታት እዩ ዝሰጋገር። እተን ስድራቤታት ከኣ ንሓድሕደን ይላለያ'ሞ ፍሉይ ፍቕሪ ይምስርታ። ስለ'ዚ እቲ ኣበርክቶ ናይ ሳዋ ጸብጺብካ'ውን ዝውዳእ ኣይኰነን።

- *መንእሰያት ብልክዕ ካብ ሳዋ ዝወርስዎም ነገራት እንታይ እዮም፧ ብዛዕባ ሳዋ ሒዞሞ ዝመጽኡ ስነ-ሓሳብ'ከ እንታይ እዩ ዝመስል፡ ብቓላቶም እንታይ'ዮም ዝብሉ፧*

ኣብ ሳዋ እቲ ዘጥርይዎን ዝወርስዎን ክብርታት ብዙሕ እዩ። ብሓፈሻኡ እቲ ናይ ሕብረተ-ሰብናን ሰውራናን ክብርታት'ዩ ዝያዳ ኣብዚ ቦታ ዝኹላዕን ዝድራዕን። ፈለማ ኣብዞም መንእሰያት እዚኣቶም ዝሰርጽ ሓድነት እዩ።

ብተወሳኺ ሓልዮትን ሓድሕድ ምክብባርን ጕሊሒ ዝረአን ዝመሃሩሉን እዩ። ኣብዚ ዓይነ ስዉራን፡ ጽሙማን፡ ብዊልቸር ዝኸዱ ስንኩላን ከይተረፉ ናብ'ዚ መዓስከ ክመሃሩ ይመጽኡ እዮም። እቲ ኣብታ ሓይሊ ዝተመደበ ዝኾነ ተመሃራይ ዓመት ምሉእ ባዕላቶም እናተቐዳደሙ ይመርሕዎም፡ ብዊልቸር እናደፍኡ የመላልስዎም። ልዕሊ ኩሉ ካልእ ኣብ ሳዋ ዝመሃርዎ ምኽባር ግዜ እዩ። ንግዜኻ ብዝግባእ ክጥቀመሉ ምፍታን። ኣብዚ እታ ግዜ እስርቲ እያ። ነፍሲ-ወከፍ እትካየድ ንጥፈታት እስርቲ እያ። መዓስ ይትንስኡ፡ ይቕርሱ፡ ትምህርቲ ይኸዱ፡ ይመሃሩ፡ የጽንዑ፡ የጽርዩ እስርቲ እያ። እዚ ሓደ ካብ'ቲ ኣብ ሓንጎሎም እናሰረጸ ዝኸይድ ናይ ሳዋ ክብርታት እዩ። ካልእ ኣብዚ ዝመሃርዎ ክብሪ እንተ ሃልዩ ባህሊ ስራሕን ጻዕርን እዩ። ሌላ ምስ ዝተፈላለየ ስራሕን ማእቶታዊ ንጥፈታትን እዩ። ማእቶት ከም ኣካል ትምህርቲን ህንጸትን ምዕባለን ስለ ዝውሰድ ካብቲ ጠቢቕም ዝመሃርዎን ዝወርስዎን እዩ። ተወፋይነትን ምትሕልላይን ምብርራይን'ውን፡ ኣብ ሳዋ ዘጥርይዎን ዝድልብዎን ዓወታት ህይወት እዩ። ንባዕሉ ድስፕሊን ብሕጊ ተቐይድካ ክትከይድ ከም ዘለካ፡ እንተ በዲልካ ክትቅጻዕ ከም ትኽእል እዩ። ካልእ'ውን እቲ ወተሃደራዊ ባህልን ስነ-ምግባርን ብግቡእ ይንበበሎም፡ እተን ክገብሩወን ዘይክገብሩወንን ዘለዎም ነገራት ከኣ ይንበበሎም። ነዚአን ኣኽቢሮም ከኣ ይኸዱ። ከመይ ገይርካ ንነብስኻ ኣብ ሕግን ስነ-ምግባርን ኣእቲኻስ ከተኺዳ ትኽእል፡ ነብስኻ መሊኽካ ዝበለጸ ሰብ ትኸውን ኣብዚ ቦታ እዮም ዝቐስምዎ። ካልእ ኣብዚ ዝመሃርዎ ኢደ ጥበባት'ውን ኣሎ። ናይ ዝተፈላለየ ቴክኒካዊ ሞያታትን ክእለታትን'ውን ማእለያ የብሎምን። እዚ ብዘይካ እቲ ካብ ሳዋ ከይወጽኡ ዝመሃርዎ ነገራት ንህወቶምን መጻኢኦምን ዝልውጥ ነገራት እዩ። ናይ ጕዕዞ ተጻዋርነት ብሓፈሻ ኣብ'ዚ ኣብ ሳዋ ምሉኣት ሰባት ኰይኖም እዮም ዝወጽኡ። ጠቕሊሎም ይልወጡን ርእሰ ምትእምማን'ውን የጥርዩን። ካልእ እቲ ናይ ኲናት ብልሓትን ክእለታትን'ውን ብዓቢኡ ኣብዚ ዝመሃርዎ ጥበባት እዩ። ከም ኣብነት ሻሙናይ ዙርያ ሓደስቲ ተዓለምቲ እንከለዉ፡ ወራር ምስ ተጀመረ በዚኣ ትኽ ኢሎም ብሓደስቶም ናብቲ ህዝቢ ዝጠልቦ ናይ ድሕነትን ምክልኻልን ናብ ድፋዕ ኣትዮም - ቅያ ሰሪሖምን ሃገሮም ኣድሒኖምን። ክሳብ ታንኪታት ማሪኾምን ኣቃጺሎምን። እዚ ከኣ ሳላ'ቲ ሃገራዊ ኒሕን ዝደለብዎ ታሪኻዊ ውርሻን እዩ። እዚ ቀሊል ኣይኰነን - እቲ መንእሰይ ዝፈጸሞ ጅግንነትን መኸተን። እዚ እቲ ሓደ ክልተ ንጠቕሶ ዘለና እዩ እምበር፡ እቲ ናይ ሳዋ ውርሻታት ጸብጺብካ ዝውዳእ ኣይኰነን። እቲ ናይ ሰውራ ክብርታት ዳግማይ ኣብ ሳዋ'ዩ ተደሪዑ። እዚ ወለዶ'ዚ ጅግና ወለዶ ብምዃኑ፡ ንሓዋሩ ዘሰክፍ ኵነታት የብልናን።

**ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን፡ ኣለይቲ ማለት ዓለምቲ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ሳዋ ብብዝሒ ኣለዋ'ሞ፡ ኣበርክቶአንን ብቕዓተንን ክትገልጸልና፧**

ደቂ-ኣንስትዮ ከም ዓለምቲ ሕጂ ዘይኰነ ካብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ'ዩ ዝጀምር። ዋላ ኣብ ሳዋ'ውን፡ ኣብቲ መጀመርታ ዙርያታት ሓያለ ደቂ ኣንስትዮ ነይረን እየን። ደሓር ግን ምስ ዕድመ ውላድን ሓዳርን ዝኣመሰለ ረቛሒታት ካብቲ መስመር ቃልሲ እናተኣለያ ከይደን። ከም'ቲ ኣብ ገድሊ ዝነበረ ቅያታት ብኡ መጠን ሰሪሕናሉ ኢልና ክንዛረብ ኣይንደፍርን ኢና። ብዝተኻእለ መጠን ንሱ ክኸጽል ስለ ዘለዎ ግን፡ እቲ ናይ ጓለንስተይቲ ኒሕ ክውረስ ከም ዘለዎ እዩ እቲ ዕላማ። ጓል ኣንስተይቲ እንተ ሃልያ ኩሉ ግዜ ኣብ ዝግበር ስራሕ ሙቐት ኣሎ። እዚኣን ከኣ ከምተን ዝነበራ ኣሕዋተን ክኸጽላ ዓቢ ድሌት ናይቲ ህዝብን መንግስትን እዩ። ንሰርሓሉ'ውን ኣለና። ካብ 5ይ ዙርያ ክሳብ ብዓል ሻውዓይ ዙርያ ነይረናና እየን። ደሓር ግን ክፍተት ነይሩ። ሕጂ ግን ካብ'ዚ ቀረባ 30ታት ዙርያ ንኸጽሎ ኣለና። ናይ ብሓቂ ንፉዓት ዓለምቲ ኣለዋና። ኣብ ኩሉ ስልጠናታት ክኣትዋ ህርድግ ዝብላ፡ ማዕረ ደቂተባዕትዮ ተወዳዲረን ኣሃዱታተን ዘዐውታ፡ ኣለባብሰአን፡ ዕጥቀን፡ ስነ-ምግባረን . . . ኣዝየን ሓያላት ዝኾና ደቂ-ኣንስትዮ ኣለዋ። ናይ ብሓቂ ቅያ ኣደታተንን ኣሕዋተንን ዝወረሳን ክወርሳ ዝደልያን ኣለዋ። ብዘይ ቀልዓለም እዚ ጻዕሪ የድልዮ እዩ። ብኡ መጠን ናብ ዝለዓለ ሓላፍነት ዝድይባሉ መንገዲ ባይታ ክጣጠሓለን ኣለዎ። ማዕረ ማዕሪኡ ዝኸይድ ናይ ሕርሲን ጥንስን ዝመጽእ ዝዕንቅፎ ነገራት ኣሎ። ሞያታት ተማሂረን፡ ሃገራዊ ዕማም ከም ዘበርክታ'ውን ንገብር ኣለና። ኣብ ነፍሲወከፍ ዙርያታት እናትረፍና'ውን ንኸይድ ኣለና። ተሳትፎ ደቂ-ኣንስትዮ ከም'ቲ ዝድለ ንምግባር ጻዕሪ ከም ዘድሊ ግን ርዱእ እዩ። ንሳተን እውን ብኡ ደረጃ ንቕሓት ኣጥርየን ክኸዳ ነቲ እንደልዮ ሽቶ ንምውቃዕ ንሰርሕ ኣለና። ሓያል ባህግን ድሌትን ዘለወን ደቂኣንስትዮ ከም ዘለዋ ግን ከረጋግጸልካ እደሊ።

**- ሳዋ ስራሓ ኣብ ዝጀመረትሉ እዋን፡ እቶም ሽዑ ዓለምቲ ክኾኑ ዝኽእሉ ሰባት ብኸመይ እዮም ተመሪጾምን ተኣኻኺቦምን፡**

ፈለማ ሳዋ ግቡእ ስራሑ ክጅምር እንከሎ፡ ከምቲ ኩልና ንፈልጦ ተጋደልቲ ኣባላት ታዕሊም ዝነበሩ በቲ ናይ ሽዑ ኣጸዋውዓ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ግንባራትን ኮራትን ዝነበሩ ኣባላት ክፍሊ ታዕሊምን ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበሩ ተመኩሮ ናይ ታዕሊም ዝነበሮም ሰባትን እዮ እቲ ስራሕ ጀሚሩ። ደሓር ግን፡ ቀዳማይ ዙርያ ዓሊምና ምስ ኣውጻእና ኣባላት ከነትርፍ ጀሚርና ማለት እዩ። ናይ ብሓቂ ኣነ ሕጂ ክዝክሮ እንከለኹ፡ ናይ 1ይ ዙርያ ልዑል ባህጊ ስለ ዝነበሮም እቲ ስራሕ ክዕወት ክኢሉ። ኩልንትናኦም ክትርእዮም እንከለኻ፡ ምስቲ ፍሉይ ዝኾነ ኣከዳድናኦምን ቀይሕ ቆቢያምን ከምዚ ምሩቓት መኰነናት እዮም ዝመስሉ ነይሮም። እቲ ወኒ ናይ ውትህድርና ኣብ ውሽጦም ስለ ዝጸንሐ ተኣምር ተሰሪሑ ማለት እዩ። ብድሕሪኡ ከምኡ እናበለ እናተጻላለወ ኣብ 2ይ ዙርያ፡ 3ይ፡ 4ይ፡ 5ይ... እናበለ ካብቶም ቀዳሞት ተመኵሮ እናተቐስመ እዩ ኣብዚ

ደረጃ'ዚ በጺሑ። ካብቶም ሽዑ ዝነበሩ ኣባላት ምዱብ ሰራዊት ካብ 1ይ ክሳብ 4ይ ዙርያ ናብዚ ተመዲቦም ዝመጽኡና ክሳብ ደረጃ ብርጌድ ሓለቓ ስታፍ ብርጌድ ዝበጽሑ ኣለዉና። ሕጂ እዚ ቦታ'ዚ መስርሕ ናይ ምውርራስ ምኳኑ የርእየካ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ከኣ ብዙሓት ሓደስቲ ኣለይቲ መምህራን ይፈርዩ ኣለዉ። ዋላ ትማል ዝፈረዩ 37 ዙርያ ከይተረፈ መምህራን ኣለዉ። እቲ መንፈሶም፡ ሓይሎም፡ ኣገባብ ኣተዓላልማኦም፡ ወኖም፡ ወተሃደራዊ ቅሉመናኦም፡ ኣሃዱኦም ከዐውቱ ዘለዎም ኒሕን ድሌትን፡ ሓያል ተበግሶ... ክትርእዮ እንከለኻ ዘገርም እዩ - ሓደስቲ ኣይመስሉኻን እዮም። ምስቶም ገዳይም ሰጢሞም ዋላ ሓንቲ ዘፈላሊ የብሎምን። ኣሃዱኦም ኣብ ዝኾነ መዓስከራዊ ንጥፈታት ምስ ዘይትዕወት ዘሎዎም ስምዒት እዚ ክትብሎ ኣይትኽእልን ኢኻ። ነቲ ዝጸንሐ ተመኩሮ ቀልጢፎም እዮም ዝወርስዎ። ጅጋኑ ምኳኖም የኹርዑኻ። ሳዋ ካብ ዝምስረት 32 ዓመታት ገይሩ ኣሎ ዋላ ሓንቲ መዓልቲ'ውን ትኹን ብኹነታት ተጸልዩ ስርሑ ኣቋሪጹ ኣይፈልጥን እዩ። መረጋገጺ ክብሪ ናይዚ ሃገር እዩ።

**ከም ኣብነት 37 ዙርያ ኣለይቲ ተመሃሮ ኣለዉ ኢልና'ሞ፡ ብዕድመ ዳርጋ ማዕረ እቶም ተዓለምቲ መንእሰያት ብምኳኖም እቲ ሓላፍነት ስራሕ ከመይ ይላበስዎ፧**

ሳዋ ክሳብ ሕጂ ኣብ ምውርራስ ታሪኽን ባህልን ጠጠው ከይበለ እዩ ዝጐዓዝ ዘሎ። ከምኡ ዝገበሮ ምኽንያት ከኣ፡ እቲ መስርሕ ተመኩሮ ህንጸት ናይቶም መንእሰያት ይኹኑ ናይቶም ዓለምቲ ብእኡ መጠን ይኸይድ ስለ ዘሎ እዩ። 37 ዙርያ እንተ ደኣ ኢልና፡ ብዕድመ እንተ መጺእና ደቂ 18 ዓመት፡ እንተ በጺሖም ከኣ ደቂ 20 ዓመት እዮም። ነዚ መንእሰይ'ዚ፡ "እዞም መንእሰያት እዚኦም፡ ኣመሓድሮም ኣብ ትሕተኻ እዮም" ኢልካ ክትህቦ እንከለኻ ቀሊል ሓላፍነት ኣይኰንካን ተሰክሞ ዘለኻ። እቲ ኣገባብ ኣተኣላልያ፡ ኣተዓላልማ ኣብ ነብሱ ገለ ስምዒት እናፈጠረሉ ስለ ዝኸይድ፡ ተላልዩዎ'ውን ስለ ዝጸንሕ፡ ቀልጢፉ እዩ ኣብቲ መስመር ዝኣቱ። ንኣሽቱ እንከለዉ ብዕድመ ግን፡ ወለዲ ኰይኖም እዮም ዝኸዱ። ዝረአ ንኣሽቱ ጌጋታት እንተ ሃልዩ፡ ኣብቲ ጕዕዞ ኣብ ግዜኡ እዩ ዝእረም። ስለ'ዚ እቲ መንእሰይ በዚ ደረጃዚ ኒሕ፡ ሓቦ፡ ሃገራውነት፡ ጥምረት፡ ሓድነት ኣጥርዩ ይኸይድ ኣሎ ኢልና ንዛረብ እንተለና ከኣ፡ ውጽኢት ምሕደራን ኣተኣላልያን ናይቶም ዓለምቶምን ሓለፍቶምን ምኳኑ ምርዳእ የድሊ።

**- ካልእ ኣብዚ ከይተጠቕሰ ክሓልፍ ዘይብሉ፡ ኣብዚ መዓስከር ኣብ ዝግበር ወተሃደራውን ትምህርታውን፡ ባህላውን ስነ-ጥበባውን፡ ማእቶታውን ስፖርታውን ውድድራት፡ ኣብቶም መንእሰያት ዝረአ ናይ ምጽልላውን ተወዳዳርነትን መንፈስ ከመይ ትገልጾ፧**

እቲ ኣብ መንጎ እዞም መንእሰያት ዝግበር ውድድራት ኣካል ናይቲ ኣብዚ መዓስከር ዝወሃብ ስልጠናን ትምህርትን እዩ። እዚ ካብ እዋን ቃልሲ ኣብ ሳሕል - ኣብ እዋን ታዕሊም ከይተረፈ ዝተጀመረ እዩ። ታባ ቀባጽ ዝበሃል ነይሩ ኣብ ሳሕል፡ ካብኡ ጽሕዲ ንኣንደር ግራውንድ ቆሪጽካ ክትወርድ እንከለኻ፡ ካልእ ኣሃዱ ከይቅድመካ ተሓቢእካ ለይቲ እናሰራሕካ፡ መታን ንዓኻ ርእዮም ገለ ከይገብሩ ኣዚኻ ኢኻ ትጽዕር። ኣብቲ ውድድር ዝሓየልካ ኴንካ ንኽትወጽእን ንኽትርከብን'ዩ እዚ ኹሉ ጻዕሪ። ንኣብነት፡ 1ይ ዙርያ እናተዓለሙ እንከለዉ፡ ቀቅድሚ ምምጽኦም፡ እቲ ኣብዚ ዝነበረ ኣባል እዩ ነቲ ቴንዳኦም ኣዳልዩዎ ዝጸንሕ ነይሩ። ነብሱ ይምሓሮ ተሰዊኡ'ዩ - ብርጣንያ ዝብልዎ መራሒ ሓይሊ ነይሩ። ካብዞም ናይ ግንብራት ታዕሊም ካብ ኮር 381 እዩ መጺኡ። እቲ ኣብ ታዕሊም ዝግበር ናይ ውድድር መንፈስ እንድየ ክገልጸልካ ደልየ፡ እቲ ሽኻል ናይ ቴንዳ መትከሊ ተቐሪጹ ተዳልዩ እዩ ነይሩ። ነቲ ናቱ ሰሪቖሞ፡ መታን ቀልጢፎም ወዲኦም ክዕወቱ። ሽዑ ንግሆ ርእይ እንተበልካስ ሽኻል የለ ገለ የለ። ክዛረብን ክጫረቕን ጉድ'ዩ ነይሩ፡ "ኣንታ ናበይ ኣቢሎሞ'ታ፡ በንቋሲቶም ትምጻእ እዞም ታዕሊም እዚኦም" ብምባል ቆርጢሙዋ ትም ኢሉ ንብለካ። ሕጂ እቲ ውድድር ኣብ ታዕሊም ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ኩሉ እዩ። ኣብ ማእቶት፡ ቀልጢፍካ ወዲእካ ኣሃዱኻ ዕውትቲ ኰይና ክትስመ እቲ ድሌትን ኒሕን ኣብቶም ኣባላት ካልእ ነገር እዩ። እዚ'ዩ ከኣ ኣብቶም ተዓለምቲ እናሰረጸ ዝኸይድ። ከም ኣብነት እቶም ተዓለምቲ፡ ኣብ ውድድር ጨመተ ተኹሲ ዜሮ እንተ ደኣ ምጺኦም፡ "ኣድግሙኒ" ኢሎም ዝበኽዩ ኣለዉ። ምሉእ ሃሪሙ ክበሃል እንከሎ፡ ኣብቲ ኣሃዱኡ ዘሎ ጣቕዒትን ምቑትን ናይቲ ውድድር ቀሊል ነገር ኣይኰነን። እንተ ደኣ ስሒቶም - ዘይስዒሮም፡ ኣሃዱ እንተ ደኣ ዘይስዒራ ዘሎ ሕርቃን ከኣ ግደፎ። እንተ ደኣ ስዒሮም ዘሎ ሓጐስን ሞራልን ከኣ ንበይኑ እዩ። እዚ ውጽኢትን ጻዕርን ናይቶም ኣሰልጠንቶም እዩ። ነዚ ከኣ ዓለምቶምን ተዓለምቶምን ብዝለዓለ እናደፍእዎ እዮም ዝኸዱ። እቲ ተዓላማይ ስኒ ምንካስን ኒሕን እዩ ዝሕዞ። ዋላ ኣብ ታዕሊም እንተ መጺእካ፡ ገለ ሓይልታት ተሓቢኦም ይዕለሙ እዮም። መታን ጸብለል ኢሎም ካብተን ሓይልታት ክወጽኡን ክረኣዩን። ሓደ ሓደ እዋን ኣብቲ ውድድር ናይ ሰልፊ ክንገብር እንከለና፡ ገሊአን ኣሃዱታት ካብ ሓይሊ፡ ቦጦሎኒ፡ ብርጌድ፡ ክ/ሰ ተወዳዲረን ተዓዊተን ዝመጻ ኣለዋ። ገሊአን ከኣ ሃንደበት በሎኽ ኢለን ዝመጽኣ ኣለዋ። ምኽንያቱ እቲ ብቕዓት ኩሉ ማዕረ ድዩ ዘሎ ከተረጋግጽ ምእንቲ ሃንደበት ትገብሮ ውድድርን ምርጫን ኣሎ። ብዳንጋን ብዕጫን እዮም ዝብልዎ ኣብዚ መዓስከር እቶም ተዛረብቲ። እታ ብዳንጋ ካብ ታሕቲ እናሰዓረት ዝመጸት ኣሃዱ እያ። እታ ብዕጫ ከኣ እታ ሃንደበት በሎኽ ኢላ እትወጽእ ኣሃዱ እያ።

ሕጂ እታ ኣሃዱ ሃንደበት ክይትወጽእ እሞ፡ ጽባሕ ንግሆ ኣሃዱኦም ከየስዕሩ ምእንቲ ብምሸት ሰብ ክድቅስ እናተቐራረበ ተሓቢኦም ካብተን ኣሃዱታት፡ ዲግ ኢሎም ክዕለሙ የምስዩ። እዚ ሕጂ ንሕና ኣይንድግፎን ኢና። ድኻም ከየስዕበሎም ኩሉ ብፕሮግራም ስለ ዝኸይድ ቅቡል ኣይኰነን። ንከታተሎ'ውን ኢና ካብ ፕሮግራም ወጻኢ ስለ ዝኾነ። ብሓፈሻ ግን ሓይሎም ንኸይሰዓር ዘካይድዎ ቅዱስ ባህግታት እዩ። እንተኾነ ከምዚ ዝበልኩኻ እዩ። ኣብቶም ተዓለምቲ ዘሎ ስምዒት ዘኹርዕ እዩ። ኣብ ተኹሲ እንተስሒቱስ "ጥይት ግድን ሃቡኒ" ኢልካ ወጠጥ ይኸውን። እቲ ድሌትን ስምዒትን ውድድራት ናይዞም መንእሰያት መዐየሪ የብሉን። እቲ ውድድር ድማ፡ ነቲ ስልጠና ካብቲ ንቕድሚት ዝደፍእ ሓይሊ እዩ። እቶም ዓለምትን ተዓለምትን ኣብዚ ዘለዎም ኣጠማምታ እወታዊ እዩ። ክትስዕር ጥራሕ ምድላይ። እምበር ኩለን ኣሃዱታትኮ ሓያላትን ብሉጻትን እየን። ስለዚ ኣብ ኩሉ መዳይ ኣብዚ መዓስከር ዝሰላሰል ውድድራት ምስጢር ዓወት ናይቲ ወተሃደራዊ ስልጠና እዩ ክብለካ እኽእል። ስለ'ዚ እዚ ናብኣቶም ዝቐንዐ ዝግበር ውድድራት ንደረጃ ኣተሓሳስባኦምን ብቕዓቶምን፡ ሃገራዊ ንቕሓቶምን ዝውክል እዩ። ብሓፈሻ ባህሎም ንምብራኽ ዝግበር ንጥፈታት ብዙሕ እዩ።

**- ትምህርቶም ንዘይዛዘሙ ኣለይቲ (ዓለምቲ) ዕድል ናይ ትምህርቲ ኣብዚ መዓስከር ተኸፊቱሎም ኣሎ'ሞ፡ ብዛዕባ'ዚ እንተ ተዕልለልና!**

እዚ ምስ ምምስራት መዓስከር ዝተኣታተወ መደብ እዩ። ምኽንያቱ ድሕሪ ናጽነት እቲ ተጋዳላይ ብገድሊ ገይሩ መጺኡ፡ ናይ ትምህርቲ ዕድል ዘይረኸበ መሊኡ እዩ ነይሩ። እቲ ህንጥዩነትን ባህግን ናይ ትምህርቲ ስለ ዝነበረ፡ ኣብዚ ምሸታዊ ትምህርቲ ነይሩ እዩ። ዋላ ኣብ ስርሒት በረኻ ወፊሩ እንከሎ ኩሉ ሰብ ምሸት- ምሸት ክንደይ ኪ/ሜ መጺኡ እዩ ዝመሃር ነይሩ። ካብዚ መዓስከር ተማሂሮም ኣብ ኮለጃት ኣትዮም ትምህርቶም ዝዛዘሙን ዝተዓወቱን ብዙሓት እዮም። እዚ ኣብቲ ቅድም እየ ዘዕልለካ ዘለኹ። ኣብዚ ዳሕረዋይ እዋን፡ ግን ምናልባት ምስ ምኽፋት ወራር ወያነ ተሰናኺሉ ጸኒሑ ነይሩ። ሕጂ ግን ብስሩዕ መደብ ተታሒዙ ይኸይድ ኣሎ። ንባዕሉ እቲ ፖሊሲ ናይ ሚ/ሪ ምክልኻል'ውን ብፍላይ ኣብዚ ሕጂ ኣዋን፡ "ሓደ ሰብ ክሳብ 2030 ብውሑዱ ናይ 12 ክፍሊ ክውድእ ኣለዎ" ዝብል ፖሊሲ ናይ ምክልኻል ስለ ዘሎ፡ ነዚ ብዕቱብ ክንሰርሓሉ ኢና ንፍትን። ብዝተፈላለየ ምኽንያት ምስ ዕብየት ዝረአ ሓደ ሓደ ምቁራጽ እንተ ዘይኰይኑ፡ እቲ ትምህርቲ ብኣገባብን ስሩዕን እዩ ዝኸይድ ዘሎ። ኣብዚ መዓስከር ብዙሓት ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ኣለዉ። እዚ ድሒሩ ኣብዚ መዓስከር ዝምደብ ዘሎ ሰብ 12 ክፍሊ ወዲኡ ዝመጽእ ዘሎ እዩ። እቶም ካልኦት ግን ኣብዚኣ ትምህርቲ ጀሚሮም፡ ማትሪክ ተፈቲኖም ናብ ኮለጃትና ዝሓለፉ ኣለዉና። እቶም ዘይሓለፉ ድማ፡ 12 ክፍሊ ወዲኦም ነናብ ስራሖም ዝተመልሱ

ኣለዉ። ኣዘዝቲ ቦጦሎኒታት፡ በራጊድ በሎም መራሕቲ ክፍለ ሰራዊት ምስ ተመሃሮ ዋርሳይ ይከኣሎ ድቪዛኦም ተኸዲኖም እዮም ዝመሃሩ። ምስ ደቆምን ኣሕዋቶምን እናተሓጋገዙ እዮም ዝመሃሩ። ጽቡቕ ውጽኢት ከኣ ይርከቦ ኣሎ።

**- ኤርትራ ሓይላ ኣብ ሰባን ኣብ ብዙሕነታን እዩ ዝበሃል'ሞ፡ ከመይ ማለት እዩ፧**

እቲ ሓድነት ኣብ ብዙሕነት ኣብ ሰውራ ተጠርዩ ዳግማይ ኣብ መዲና መንእሰያት ዝተኹስኰሰ እዩ። ምኽንያቱ እንታይ ይመስለካ፡ ነዛ ሃገር እዚኣ ካብ ዝተፈላለየ ኲርናዓት ወፊሩ እዩ ደሙ ከፊሉላ። ካብ ቃሩራ በሎ ረሓይታ፡ እምኒ ሓጀር፡ ኣጉማይት ሓረናይት በሎ ብማዕረ እዩ ነዛ ሃገር ወዲቑላ። እቲ ጽባቐ ብዙሕነትና ካብቲ ጽቡቕ ባህላዊ ውርሻታት ህዝብና ዝብገስ'ኳ እንተኾነ፡ እዚ ብግብሪ ኣብ ቃልስን ሳዋን ብዝለዓለ መንፈስ እዩ ተደሪዑን ተነዲቑን። ኣብ ከባቢናን ዓለምናን ንርእዮ ኣለና ብብሄር ብዓሌት ህዝቢ ክከፋፈልን ክናቑዕትን፡ ክቀታተልን ክዳመን ይውዕል ኣሎ። እዚ ኣብ ኤርትራ ዛንታ ጥራሕ ኰይኑ እዩ ዝተርፍ። ኣቦታትና ኣየጽንሕዎን። ብዛዕባ ሓድነት ክንዛረብ እንተ ደኣ ኰይንና፡ ኣብ ኤርትራ ሓድነት ኣብ ብዙሕነት ግን ዓቢ ኣርእስትን ታሪኽን እዩ። ነዚ ኣልዒልናዮ ዘለና እትገልጽ ኣብታ “ሳዋ” እትብል ናይ ኣወል ስዒድ ግጥሚ ደስ ዝብላኒ ነግሕታት ኣለዋ። ነዚ ኣልዒልናዮ ዘለና እትድርዕ እያ። “ኣብ ማእከል ባርዕ ባንዴራ ዝተኸሉ፡ ስሞም ተሓቲቶም ኤርትራዊ ዝብሉ፡ ዓለም ሎሚ ትፍለጥ ካብዚ እዮም ዝነቕሉ” እያ ትብል። ሓደ ኤርትራዊ ብዛዕባ ኤርትራ ጥራይ እዩ ዝሓስብ። ኣብ'ቲ ሕብረተ-ሰብ ዝጸንሐ ባህሊ፡ ደሓር ኣብቲ ገድሊ ዝተጠረየ ተመኲሮ ሳዋ ከኣ መሊሳ ኹሊዓቶ። ስለዚ ኤርትራ ሓይላን ብልጫኣን ኣብ ሰባ እዩ። መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ከኣ፡ ነዚ ጽቡቕ ገይሩ እዩ ነዲቑዎ። ኤርትራ ብሓድነታን ጥምረታን ዝኹርዐት ሃገር እያ። እዚ ንሓዋሩ ዝቕጽልን ዝድራዕን ደኣምበር ዝሑለፍ እዩ ኢልካ ክትሓስብ ሕልሚ ጥራሕ እዩ። ምንጪ ናይዚ ረቂቕ ሓይሊ ድማ ሳዋ እዩ።**ግዳማዊ ሓይልታትን ኣሳሰይቶምን ከይሓፈሩ ዓው ኢሎም ዝዛረቡሉ ንሓድነትን ስኒትን ህዝቢ ኤርትራ ከም ቀንዲ ጸላኢኦም ብምሕሳብ፡ ንህላውነት ሳዋን ሓድነት ህዝቢ ኤርትራን ብቐጻሊ ናይ ጸለመ ዘመተታትን ተጻብኦታትን ክካይዱ ይረኣዩ እዮም'ሞ፡ እንታይ ምላሽ ምሃብካሉ፧**

ነዚ ጽላለ'ዚ፡ ኣነ'ኳ ዝስዕቦ የለን እየ ዝብል። ምኽንያቱ ፈትዮም ኣይኰኑን። ንግዲ እዩ። ክድረሩ ከኣ ኣለዎም፡ ብምንታይ ደኣ ክነባበሩ። እቲ ከምኡ ምባል ንዕኦም ቢዝነስ እዩ። ከምኡ እንተዘይ ኢሎም ምንጪ ኣታዊ የብሎምን። እዚኦም ልኡኻት እዮም። ንባዕልኻ ኣብ ህዝብኻ ሓልዮት ዘይብልካ ሓላዪ ተመሲልካ ትቐርብ። ከምቲ ኣቦታት ዝምስልዎ እዩ፡ “ወኻርያስ ጻድቕ ክትመስል . . .” እዩ ነገሩ። ናይ ገሊኡ ቅንኢ ክኸውን ይኽእል'ዩ እየ ዝብል።

“ኣብዚ ደረጃ እዚዶ በጺሖም” ዝብል ሓሳዳ እዩ። ንሕናኮ ኣብ ግራቶም ኣይከድና፡ ኣብ መረበቶም ኣይከድና። ክትሕይል ስለዘይደልዩኻ፡ ብክፍሊት “ንዑ ከምዚ በሉ ኢልካ” ሰባት ትውድብ። እቲ ምስጢር ካልእ ኣይኰነን እዚ እዩ። “ዝለን ዘየለን ወረታት ኣምጺእና ዘይነዐንቅፎምን ዘይንቖጽዮምን፡ ካልእ መልክዕ ዘይነትሕዞም ነቲ መንእሰይ’ውን ዘይንጸልዎ” ዝብል እዩ። እዚ ግን ብላሽ ኲይኑ ተሪፉ። እቲ ኣብ’ዚ ቦታዚ ዝፈሪ ኤርትራዊ ንቑሕ ስለዝኾነ፡ ንኸዘርጎ ዝመጽእ ንፋሳት ኣጥዕዩ እዩ ዝፈልጦ። ኤርትራዊ ዋላ ካብዚ ሃገር ወጺኡ ኣብ ደገ ኣምባሳደር ሃገሩ እዩ። ብኹሉ ፈቲኖሞ ምኳን ኣብዩዎም እዩ። ዋላ ቦታ ቀይሩ እዩ ዝቃለስ። እዚ እቲ ናይ ብሓቂ ምስሊ ኤርትራዊ። እቲ ሃገራውነት ኣብ ቦታኡ ኣሎ። ዋላ ከምኡ እንተበሉ ዘምጽእዎ የለን። እቲ መንእሰይ ሃገራውነቱ ዘጠራጥር የለን፡ ዓቂብዎ ይጒዓዝ ኣሎ። ሓደ ኤርትራዊ፡ “ኣነ ሳዋ ከይከድኩ ሃገራዊ ኣገልግሎት ከይቋረጽ” ኢሉ ዝሓስብ እንተደኣ ኲይኑ፡ እዞም ናይዚ ሃገር ጽቡቕ ዘይደልዩ ናይ ደገ ሓይልታት ምስ ዕሱባቶም ዝብልዎ ብኣንጻሩ እዩ። እዚ ኣብ ሓንጐል ኤርትራዊ መንእሰይ ዝኣቱ ኣይኰነን፡ ቦታ የብሉን። እምበር “ተወዲኦም እዮም፡ ኣብ’ታ ሃገር መንእሰይ ዝበሃል የለን” . . . ብዙሕ ተባሂሉ እኮ እዩ። እሞ እዚ ኣብ’ዚ ኣብ ስተጅ ሳዋ ዝርእይዎ ኤርትራዊ ደኣ “ካበይ መጺኡ” ኢሎም ይሓስቡ። ንሱዶ ኣይኰነን እቲ ኤርትራዊ ዝብልዎ ዘለዉ ኣካል። እቲ መንእሰይ ነዚታት ስለዝነቐሓሉ በብእዋኑ እቲ ተሳታፍነትን ብዝሒን ኣብ መኣዲ ትምህርትን ሃገራዊ ኣገልግሎትን‘ውን ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓበየ ይኸይድ ኣሎ። እዚ ከኣ ውጽኢት ንቕሓትን ፍልጠትን ናይ’ቲ መንእሰይ እዩ። እምበር በቲ ናይ ዝጠፈሹ ሓሳብ ዝጽሎ እንተዝኸውን ነይሩ እቲ መንእሰይ፡ ናብዚ መኣዲ ሃገራውነት ኣይምተሳተፈን። ነዚ መዝሙር’ዚ ዋላ ሓደ ኤርትራዊ ዝሰምዖ የለን። ብዛዕባ’ዚ፡ ኣብዚ ሃገር’ዚ ቅንጣብ ዘሰክፍ የለን። እዚ ዓዲ’ዚ እኮ ብደም ሰማእታት ዝቖመ ክቡርን ሕፉርን ዓዲ እዩ። ሕጂ ኣነ እንታይ ኲይኑ ይስመዓኒ ይመስለካ፡ ከም’ቲ ህበይ ንወይኒ ምርካብ ምስ ሰኣነትስ “ዘይመጺጽ እዩ” ዝበለቶ እዩ። ናይ ሃልኪ ዘመተ እዩ። ከም’ቲ ዝተበሃልዎ ‘ዓዲ ወዓሉ’ ከኣ ጽቡቕ መልሲ እዩ። እምበር ንሃገሩ ድሕሪት ክመልስ ዝሓስብ፡ ሃገሩ ዘጸልም፡ ኣሕሊፉ ዝህብ ዋላ ሓደ ኤርትራዊ የለን። ዋላ ኤርትራዊ ኣብ ደገ ከይዱ ሰሪሑ ንነብሱ ንዓዱ ንህዝቡን ዝሓስብ ብሉጽ ሰብ እዩ ዘለዋ እዛ ሃገር። ዕድለኛ እያ። እዚ ከኣ ውጽኢት ባህሊ ናይቲ ሕብረተ-ሰብናን ጻዕሪ ናይቲ መንግስትን እዩ። ብዓቢኡ ከኣ ኣበርክቶ ናይ ሳዋ እዩ ኢልና ክንዛረብ ንኽእል ኢና መስለኒ።

**- ኣበርክቶ መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ካብ 1994 ክሳብ እዚ ዘለናዮ እዋን ምስ ኩሉ ዕድላቱን ብድሆታቱን ኣብ ኩሉ ዝተኻየደ ንጥፈታት እንታይ ከም ዝምስል ክትገልጸልና፧**

ብዛዕባ መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣበርክቶኡ ዕድላቱን ብድሆታቱን ክንዛረብ እንተደኣ ኰይንና፡ ካብ'ቲ ሓሳብ እዩ ዝብገስ። ሃገራዊ ኣገልግሎት ክምስረት እንከሎ ወይ ክሕሰብ እንከሎ፡ ክሳብ ክንደይ እቲ ራእን ዕላማን ናይቲ መንግስቲ ኣርሒቑ ይጥምት ነይሩ እዩ ዘርእየካ። ትዝክሮ እንተደኣ ኰይንካ፡ ቴማ መበል 25 ዓመት ምምስራት ብሩራዊ እዮበልዩ መዓስከር ሳዋ፡ "ሳዋ፡ ዕቱብ ምርጫ ንውሑስ መጻኢ." እዩ ዝብል። ሳዋ እንተደኣ ኢልካ ከኣ፡ ሃገራዊ ኣገልግሎት ማለት እዩ። ስለዚ ንመጻኢት ኤርትራ እቲ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዕቱብ ምርጫ እዩ ነይሩ። ብሓፈሻ ከኣ ንህላውነት ናይ'ቲ ሃገር ንምውሓስ ዝተወስደ ተበግሶ ቀሊል ነገር ኣይኰነን። ኣብ'ዚ መዓስከር ሰልጢኑ ዘሎ መንእሰይ ናይዚ ሃገር መዳርግቲ የብሉን። ኣብ ኩሉ መዳይ ተዋፊሩ ዝገብሮ ዘሎ ኣበርክቶ ከኣ፡ ብቐሊሉ ዝግመት ኣይኰነን። ኣብ ትምህርታውን ልምዓታውን፡ ህንጻውን ምምሕዳራውን፡ ኣብ ምክልኻልን ጸጥታውን ብሓፈሻ ኣብ ኩሉ ጽላታትን ቦታታትን ዝሰርሕ ዘሎ መንእሰይ፡ ሳዋ ዘፍረየቶ እዩ። ኩሉ ብሓዲድ ናይ ሳዋ ዝሓለፈ እዩ። ስለ'ዚ እቲ ተራ ናይ ሳዋ ደሚርካ ደማሚርካ፡ ኣርቢሕካ እተደኣ ርኢኻዮ ዘሐብን ዕማም እዩ ክብሎ እኽእል። ኣብ ዝርዝር ከይኣተና ኩሉ ኣብ'ዚ ሃገር ዝግበር ዕማማት ውጽኢት ናይ መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት እዩ። ኣባል ሃገራዊ ኣገልግሎት ዘይሳተፉ ኢዱ ዘየንብረላ ንጥፈት የላን። በዚ፡ ምስሊ ደረጃ'ዚ ክረአ ይከኣል እዩ፡ እቲ መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ኤርትራ።

**- መንእሰያትና ምስ ሃገሮም ዘለዎም ሌላን ኣፍልጦን ካብ መዓስ እዩ ዝጅምር፧**

ብሓፈሻ ኣብ ትምህርቲ ዝመሃርዎን ገለ ከኣ ዕድል ናይ ዑደት ረኺቦም ኣደነቕቲ ዝኾኑ ቦታታት ሃገሮም ይላለዩ እዮም። ብዓቢኡ ግን መንእሰያትና ሃገራዊ ግቡኦምን ናይ 12 ክፍሊ ኣካዳምያዊ ትምህርቶምን ንምዝዛም፡ ካብ ነፍሲወከፍ ዝነብሩወን ዞባታት ናብ ሳዋ ኣብ ዝወርዱሉ እዋን፡ ብዙሓት ቦታታት እናሰንጠቑ ክወርዱ እንከለዉ፡ "እዛ ዓዲ፡ ከተማ . . መን ትበሃል" እናበሉ እዮም ዝኸዱ። ከም ኣብነት ካብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝተበገሰ መንእሰይ፡ ክንደይ ዓድታት እናረገጸ እዩ ዝወርድ እንተደኣ ኢልካ፡ ማእለያ የብለንን። "እዚኣ ዓዲ መን እያ" ክበሃል እንከሎ፡ እቶም ዝፈልጡ ዛንታን ታሪኽን ናይተ ድታት እናነገሩ እንተደኣ መጺኦም፡ ካብታ ዝተበገሰላ ክሳብ ምዕራብ ኤርትራ ዝበጽሕ ንሃገሩ እናተላለያ እዩ ዝመጽእ። ናብዚ ክመጽእ እንከሎ፡ ኣብ ሓንቲ መስርዕ ወይ ጋንታ እንተደኣ ርኢና፡ ካብ ዝበዝሓ ብሄራትን ዞባታትን ኣብ ሓደ ኣለዉ። ኣብዚ ዝጥረ ፍቕርን ሓድነትን፡ ሓይልን ጥምረትን ብቐሊል ዝረአ ኣይኰነን። ኣብ ንቕሓትን ሃገራውነትን ናይቲ መንእሰይ ዝጻወቶ ዘሎ ተራ ቀሊል ኣይኰነን።

**- ወዲ መምህር፡ ኣብ ዕላልካ፡ ተመሃሮ ሳዋ ኣብታ ፊልማ እግሮም ኣብ ሳዋ ኣብ ዘንብሩላ እታ ዓባይ ንቕሓት ሽዓ እያ ትጅምርን ዘጥርዩዋን ኢልካ ነይርካ'ሞ፡ ከመይ ማለትካ እዩ፧**

ብልክዕ ኣብተን ናይ ፊልማ ደቓይቕ ኣብ ሳዋ እትው ምስ በሉ፡ እታ ንቕሓት ሽዓ ንሽዓ እያ ትጅምር። እቶም ኣብኡ ዝጸንሑ ኣሕዋቶም ካብ መኪና ምስ ወረዱ ንብረቶም ተሰኪሞም ናብታ ዝበጽሓቶም ሓይሎም ክወስድዎም እንከለዉ፡ ኣብኡ ብዛዕባ ሳዋ ኣካይዳኣ፡ ናብራኣ፡ ታሪኽ ናይ'ታ ዝበጽሐቶም ኣሃዱ ከዕልሉ ኣምስዮም ንጽባሒቱ ከኣ ነቶም ኣብ ቅርዓት ሳዋ ዝሓገዩ መንእሰያት ንብረቶም ተሰኪሞም ከብጽሕዎም እንከለዉ፡ ካብዚ ዝዓቢ ሓድነትን ንቕሓትን የለን። እዚኣ እታ መሰረታዊት መንደቕ ናይ'ቲ ነዊሕ ጉዕዞ ሂወት ናይ ሳዋ እያ። ሽዓ እያ እታ ፍቕሪ ትጅመር። ስለዚ ኣብ ሓድነት ናይ መንእሰያት ተራ ሳዋ ቀሊል ኣይኮነን። ከዕልለካሲ፡ ካብዚ ንገዛኡም ምስ ኣፋነናዮም ሓደ ወዲ ዞባ ማእከል እንተደኣ ኰይኑ፡ ናብ ገዛኡ ሓሙሽተ ሽዱሽተ ደቂ ሓይሉ ሒዝዎም እዩ ዝኸይድ። ንስድራኡ “እዚኦም ደቂ ሓይለይ እዮም” ኢሉ እዩ ዘላልዮም። ከም ኣብነት ሓደ ወዲ ዓሰብ ምስ ወዲ ባረንቱ ይኸይድ፡ ሓደ ወዲ ናቕፋ ምስ ወዲ ዓዲ ኳላ ይኸይድ….። ሓደ ካብ ዓዲ እንግሊዝ ዝመጽአ መንእሰይ ነይሩ፡ እቲ ቈልዓ ቀንዲ ዓርኩ ወዲ ዓፋር እዩ ነይሩ። እዚ ክትርእዮ እንከለኻ፡ ኣብቶም መንእሰያት ዝጥረ ንቕሓትን ስነ-ፍልጠትን፡ ስኒትን ሃገራውነትን ዓቢ እዩ። እዚ ከኣ ሃገርካን ሕብረተ-ሰብካን ኣብ ምፍላጥ፡ ሃገራውነት ኣብ ምጥራይ፡ ሓድነት ኣብ ምኹስኳስ፡ ኣብ ምስታፍ ልምዓታዊ መደባት ብዓቢኡ ከኣ፡ ሃገር ኣብ ምድሓንን ኣብ ምውሓስን ተራ ሳዋን ናይ ሃገራዊ ኣገልግሎትን ቀሊል ኣይኮነን።

**ብመሰረት ካብ'ዚ ክንብሎ ዝጸንሕና፡ መንእሰያትና ካብ'ዚ ወጺኦምን ተኹስኩሶምን ኣብ'ቲ ሃገሮም ዝጠልቦ ዕማማት ተዋፊሮም ኣብ መኽተን ልምዓትን፡ ህንጻትን ትምህርትን ብተወፋይነት ይነጥፉ ኣለዉ፡ ንኣበርክቶኦም ከመይ ትገልጾ፧**

እቲ ህሉው ኵነታት ናይ'ቲ ሃገር ባዕሉ እንድዩ ዝምስክሮ። ኣብ ኩሉ ኵርናዓት ሃገርና፡ ሓደ ሰብ ዶዘር ሒዙ ክሰርሕ እንተ ደኣ ጸኒሑካ “ክንደይ ዙርያ ኢኻ፧ ” ኢልካ እንተ ደኣ ሓቲትካዮ፡ ዝኾነ ዙርያ እዩ ዝጠቕሰልካ። ኮታ እቲ ካርታመ ዘንጽፍ ዘሎ፡ ትራክተር ሒዙ ዝሓርስ ዘሎ፡ ዝምህር፡ ዝሕክም፡ ዘማሓድር ንሱ እዩ። ኣብ ሓደ ርሑቕ ከባቢ እንተ ደኣ ከይድካ፡ ንኣብነት ኣብዚ ከባቢና ዋላ ናብ ሸቕ ኣጀዲድ ከባቢ ሆሚብ እንተ ደኣ ኬድካ፡ እቲ ኣብኡ ዘሎ ሓኪም ብሳዋ ዝሓለፈ መንእሰይ እዩ። ኣብቲ ምክልኻል እንተኸይድካ፡ እቲ ሃገር ዝሕሉ ዘሎ ንሱ እዩ።

ብዝተፈላለየ ሞያታት ብማሞስን ዓዲ ሃሎን፡ ኣብ ቴክኒካዊ ኣብያተ ትምህርቲ ዝሰልጠነን ዝተመሃረን ሰብ ኣብዚ ቦታ'ዚ ዝፈረየ መንእሰይ እዩ። ኣብቲ ሃገር ዘለዎም ኣበርክቶ እዚ እዩ ኢልካ ጸብጺብካ ዝውዳእ ኣይኰነን። ስለዚ መስርሕ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣበርክቶኡ ዓቢ እዩ። ሃገራዊ ኣገልግሎት እንተዘይምስረት ነይሩ፡ "እዚ ሃገርን እዚ ህዝብ'ዚን እንታይ ምኾነ" ኢልካ እንተሓሲብካ፡ እቲ መልሲ ኣዝዩ ከቢድ እዩ። መድረኽ ብመድረኽ ክትርእዮ እንከለኻ፡ እዚ ኩሉ ኣንጻር ህላወና ዝተኻየደ ተጻብኦታት፡ ሳላ ኣበርክቶ ሳዋን ሳላ'ዚ መንእሰይን እዩ በርዒኑ።

**- ኣብ ሳዋ ኣብ ዝግበር ትምህርታውን ወተሃደራውን፡ ከምኡ'ውን ሞያውን ስልጠናታት ማሞስ፡ ሓደ መንእሰይ ነብሱ ኣብ ምህናጽ ዘለዎ ኣበርክቶ ከመይ ትገልጾ፧**

ኣብ መኣዲ ሳዋን ትምህርትን ተሳታፍነት ብዙሕነት ብሄራት ከመይ ኣሎ፧ እቲ መድረኻት ናይ ሳዋ ብብመድረኹ ይፈላለ እንድዩ፡ ክሳብ 2003 ዝነበረ ግዜ እቲ መደብ ናይ ታዕሊም እዋን ጥራይ እዩ ነይሩ። ካብ 2003 ኣትሒዙ ግን፡ ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ ኣብ ሳዋ ተመስሪቱ። 8 ወርሒ ኣካዳሚ ይመሃሩ፡ 4 ወርሒ ድማ ወተሃደራዊ ስልጠና ይወስዱ። ማሞስ'ውን ከምዚ ዝበልካዮ ኣብ መንጎ መጺኡ ነይሩ፡ ክሳብ 13 ዙርያ ሞያዊ ስልጠናታት ናይ ማሞስ በብመድረኹ ተዋሂቡን መንእሰያት ሞያዊ ስልጠናታት ወሲዶምን እዮም። ብድሕሪኡ ብዙሕ ኣይቀጸለን። ምናልባት ከም ብሓዲሽ ናይ ምጅማር መደብ'ውን ክህሉ ይኽእል እዩ። እቲ ተሳታፍነት ናይ ብሄራት ብመሰረት ኣብ'ቲ ዞባታትና ዘለዋ 2ይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ እዩ ዝውሰን። እቲ ምልኣትን ተሳታፍነትን ናይ ብሄራትና ኣብ ገሊኦን ዞባታትና ክብ ክብል እንከሎ፡ ኣብ ገሊኦን ከኣ ቁሩብ ትሕት ይብል እዩ። ነዚ መንግስትን ህዝብን ሓያል ጻዕሪ ይገብሩሉ ኣለዉ። እተን ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ከባቢ እውን፡ ቍጽረን እናበዝሓን እናዓበየን ይኸይድ ኣሎ። እቲ ዕብየት ናይ ቤት ትምህርቲ ብመሰረት ብዝሒ ተሳታፍነት ናይቶም ብሄራትና ዝውሰን እዩ። እዚ እንታይ እዩ ዘርእየካ፡ እቲ መንግስቲ'ውን በብዓመቱ እናዓበየ ይኸይድ ኣሎ። ኣብ ዝቕጽል ግዜ ተሳትፎ ናይ ብሄራት ብተዓጻጻፊ እናዓበየ ክኸይድ ከም ዝኽእል ይረእየካ። ተሳትፎ ደቂኣንስትዮ ምስ ደቂ ተባዕትዮ 50ብ50 ሚእታዊት እዩ። ወረ ሓደ-ሓደ ግዜስ ኣብ ገለ ዙርያታት እተን ደቂ-ኣንስትዮ ዕብልል የብላ እየን። ኣብ ብሄራትና ግን ፍልልይ ክህሉ ግድን እዩ። እቲ ንቕሓት ግን እናመጽአ ይኸይድ ኣሎ። ሳዋ እንተ ኢልና፡ ኤርትራ እያ። ከምዚ ኣብ ኤክስፖ እንተ ደኣ ከይድካ፡ ኩለን ብሄራትና ዝሳተፋአ ማለት'ዩ። ሕጂ ኤክስፖ ንእሽቶ ኤርትራ እያ እንተ ደኣ ኢልና፡ ሳዋ ከኣ ዓባይ ኤርትራ እያ።

**- ወዲ-መምህር፡ ኣብ ሳዋ መንእሰያት ወተሃደራውን ኣካዳምያውን ትምህርቲ ጥራሕ ድዮም ዝመሃሩ ዋላስ...!**

ኣካዳምያውን ወተሃደራውን ትምህርቲ ጥራይ ኣይኰኑን ዝወስዱ፡ ምስኡ ኣብ ውሽጢ እቲ ዓመት ተታሓሒዙ ዝኸይድ ንንቕሓት ናይቶም መንእሰያት ዝሕግዝ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ኣሎ። እዚ ትምህርቲ'ዚ ስሩዕ ግዜ ተዋሂብዎ ብመልክዕ ሰሚናር እዩ ኣብ ስተጅ ዝካየድ። ብላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን ዝወሃብ ሰሚናር እዩ። ኣብ ንቕሓትን ሃገራውነትን ናይቶም መንእሰያት ክብ ንምባል ዝወሃብ ትምህርቲ እዩ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክልተ ሰሙን፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣርእስትታት ዘተኰረ ትምህርቲ ይመሃሩ እዮም። ብዛዕባ ተራ መንእሰያትን መኸተን ኣብ ህንጸት ሃገር፡ ተራ ደቂኣንስትዮ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ፡ ሃይማኖትን ሃይማኖታዊ ጥሩፍነትን፡ መንነትን ባህላዊ ውርሻን፡ ብዛዕባ ቍጠባዊ ፖሊሲ ሃገርናን ኣመታቱን፡ ፖሊስታት ዕደና...ዘጠቓለለ ይወሃብ እዩ። ናይ ብሓቂ እቶም መንእሰያት ነዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣስተምህሮ ሃንቀው ኢሎም እዮም ዝጽበዩዎ። ደሓር ከኣ ሳላ እዚ ሓድነትን ንቕሓት'ዚ እዩ፡ ውዲታትን ተጻብኦታትን ሓያላን በርዒኑ። ኣብ'ቲ ናይ ቀዳማይ ሰመስተር ዝጅመር መደብ ትረኻ'ውን ኣሎ። እቶም ሰብ ውዕሎ ባዕሎም ብኣካል ብዛዕባ እቲ ስርሒታት ዝገልጹሉ መድረኽ እዩ። ከም ኣብነት ቅድሚ ናጽነት ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዝካየድ ዝነበረ ኲናት፡ ተራ ኣሃዱታት ሜካናይዝድ ህ.ግ እንታይ ይመስል ነይሩ፡ ውግእ ከበባ ናቕፋን ጽንዓት ተጋዳላይን፡ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ብኸመይ ተመስሪቱ፡ ተራ ደቂ-ኣስንስትዮ ኣብ ውሽጢ ጸላኢ.. ዝፈጸመኦ ቅያታት፡ ተራ ሓፋሽ ውድባት፡ .... እዚታት በቶም ሰብ ውዕሎ ክግለጽ እንከሎ መሳጢ እዩ። እቶም መንእሰያት ሓንጎሎም ክፉት ስለ ዝኾነ፡ ኣዝዮም እዮም ዝፈትውዎ። “እዚ ከምዚ ዓይነት ሰሚናራትን ታሪኻዊ ፍጻመታትን፡ ኩሉ ግዜ ክዝንቶን ክወሃበናን ኣለዎ። ካብ ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ እንተ ዝጅምር ጽቡቕ እዩ” ዝብል ርእይቶታት እዩ ዘለዎም። ኩሉ እዚ ኣገናዚብካ ክትርእዮ እንከለኻ፡ እቲ መንእሰይ ታሪኽ ሃገሩ ኣብ ምፍላጥ ይኹን ምዕቃብ ናይ ዝሓለፈ ወለዶ ጅግንነት ኣብ ምውራስ ዘለዎ ህንጥዩነት ኣዝዩ ዓብን ልዑልን እዩ።

**- ህዝቢ ኤርትራ ነዊሕን ከቢድን ዕጥቃዊ ቃልሲ ዘካየደ ህዝቢ እዩ። ንስኻ ድማ ኣካል ናይቲ ዝተኻየደ ሓርነታዊ ቃልሲ ከም ምዃንካ መጠን፡ ህዝብና ንሳሕልን ሳዋን ከመሳስለን ይስማዕ እዩ'ሞ፡ ገለ ካብ'ቲ ዝበሃል ወስ ከተብለልና!**

ሓቅኻ እንዲኻ። ኩሉ ሰብ ንኽልቲኣን ከም ገጻት ናይ ሓንቲ ሳንቲም እዩ ዝርእየን። ሳሕልን ሳዋን ኣብ ምዕራፍ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ፍሉይ ቦታ እዩ ዘለወን። ከምዚ ተጋዳላይ እንተ ኢልካ ሳሕል ትብል፡ ሃገራዊ ኣገልግሎት እንተ

ኢልካ ከአ ሳዋ ትብል እዩ። ቀደምሲ “ሳሕል ዘይከደ ኣይተጋዳላይን እዩ” ይበሃል ነይሩ። ኣብ እዋን ሰውራ ደርፊ’ውን ነይሩ፡ ናብቶም ሓደ-ሓደ ኣብ ክንዲ ንሳሕል ናብ ቃልሲ ወፊሮም ሃገሮም ካብ ዓማጺ ናጻ ከውጽኡ ዝብገሱ፡ በቲ እዋን ናብ ስዑድያ ዝኸዱ ዝነበሩ ገለ ሰባት ማእከል ዝገበረ ደርፊ እዩ። ህዝብና ነተን ሸቂሎም ብገለ ዝሰዱወን ዝነበሩ ገንዘብን ነቲ ዝነበረ ርሱን ቃልሲን ርእዩ፡ “ሰብ ስዑድያ ንነብስኹም ኩኑ፡ ሳሕል እዮም ዘለዉ ጀጋኑ” ዝብል እዩ ነይሩ። እቲ ቀደም ብዛዕባ ሳሕል ዝነበረ ቅኒት ናይቲ ህዝቢ ከም’ዚ ዝበልኩ’ኻ ነይሩ። ሕጂ ከኣ፡ “ሳዋ ዘይበጽሐ ኣይ ኤርትራዊ ዜጋን ወይ ኣይ መንእሰይን” እዩ ዝበሃል። ዝኾነ ኤርትራዊ ቈልዓ ተመሃራይ መባእታ ይኹን መዋእለ ህጻናት ናብ ሳዋ ዝመጸላ ዙርያ ይፈልጣ እዩ። ንሱ እናተመሃረ ሳዋ ከይመጸ ከይትዕጸ እዩ ዝሰግእ። እዚ ኤርትራዊ ስነ-ሓሳብ’ዚ ኣብቲ መንእሰይ ምህላው ቀሊል ኣይኰነን። በዚ እየ ድማ፡ ኩሉ ግዜ እዚ ሃገር’ዚ ዕድለኛ’ዩ ዝብሎ።

**- ኣብ መደምደምታ፡ ኣብ’ዚ መንእሰይ ሰሪጹ ዘሎ ንቕሓት ከመይ ምግምገምካዮ፧**

ሳዋ መንእሰይ ትምልምልን ተንቅሕን ኣላ። ኣብ’ዚ መንእሰይ ሰሪጹ ዘሎ ንቕሓት ዘኹርዕ እዩ። ሓደ መንእሰይ ንሱ ከይከደ ሳዋ ከይትዕጸ ዝፈርሕ እንተ ደኣ ኣሎ፡ ንሳዋ ንስለ ምብጻሕ ኢሉ ኣይኰነን። ከም ዝቐደሙ ኣሕዋቱ ክቕስሞ ዝግበኦ ነገራት ክቕስም ይደሊ ስለ ዘሎ እዩ። እዚ ዓይነት ባህግን ህንጥዩነትን ኣብቲ መንእሰይ ከተሐድር እንክለኻ፡ ሳዋ እንታይ ምዃና እንታይ’ዩ ኣበርክቶኣ ኣብ ሃገራዊ ህንጻት፡ መደባት ልምዓትን ትምህርትን፡ ኣብ ስኒትን ሓድነትን እንድሕር ኢልና፡ በዚ ደረጃ እዚ ክንገልጾ ንኽእል ኢና። እቶም መንእሰያት’ውን፡ ባዕሎም’ኮ ‘ንኤርትራ ኣብ ሳዋ ረኺብናያ’ እዮም ዝብሉ።

**ሓዳስ ኤርትራ መስከረም 2026**